GJØVIK KOMMUNE

**ኣገዳሲ ሓበሬታ ብዛዕባ ኮቪድ-19 (ኮሮና ቫይረስ) ብትግርኛ – ሕዳር 2020**

መርሓባ!

ብቐንዲ ሓኪም ምምሕዳር ከተማ ዮቪክ እተዋህበ ኣገዳሲ ሓበሬታ፡-

ኣብ ስድራቤትካ ሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ሰባት ኮቪድ-19 (ኮሮና ቫይረስ) ሓሚሞም ኣለዉ። እቶም ኮቪድ-19 ዝሓመሙ ተገሊሎም ክጸንሑ ኣለዎም። እቶም ዝተረፉ ኣባላት ስድራቤት ከኣ ክውሸቡ ኣለዎም።

ክሳዕ እቲ ተገሊልኩምን ተወሺብኩምን እትጸንሑሉ እዋናት ዝውዳእ፡ ሰብ ክበጽሓኩም ኰነ ናብ ካልእ ቦታ ክትጕዓዙ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ዋላ ሓደ ኣባል ስድራቤትኩም ናብ መውዓሊ ሕጻናት፡ ቤት ትምህርቲ፡ ስራሕ ወይ ድኳን ክኸይድ ኣይክእልን እዩ። እቶም ኮቪድ-19 ዘለዎም ኣባላት ስድራቤትኩም ክግለሉ ኣለዎም፣ ካብ ቤት ክወጹ እውን ኣይፍቀደሎምን እዩ። ካንሸሎ ወይ ሰገነት እንተ ኣልይዎም ኣብኡ ጥራይ ክንቀሳቐሱ ይኽእሉ እዮም። እቶም ክውሸቡ እተነግሮም ግና ኣብ ደገ ርሕቀቶም ሓልዮምን ብዙሕ ህዝቢ ካብ ዘለዎ ቦታታት ርሒቖምን ብእግሮም ክዛወሩ ይኽእሉ እዮም።

ነቲ ብዛዕባ ምውሻብን ምግላልን ካብ ጕጅለ ምቍጽጻር ተመሓላለፍቲ ሕማማት ከተማ ዮቪክ እተዋህበኩም ሓበሬታ ክትፍጽምዎ ኣሎኩም። እቲ ብዛዕባ ተወሺብካ ዝጽንሓሉ መዓልታት ዝገልጽ ካብ መውዓሊ ሕጻናት፡ ቤት ትምህርቲ ወይ ስራሕ ዝወሃብ ሓበሬታ ነቶም ኣብ ቤትኩም ኮቪድ-19 ዝሓዞ ሰብ ዘሎኩም ስድራቤታት ኣይምልከቶምን እዩ።

እቲ ብዛዕባ ምውሻብን ምግላልን እተዋህበኩም መምርሒ ዘይትስዕብዎ እንተ ኼንኩም፡ ክሳዕ ንፖሊስ ምንጋር ዝበጽሕ ስጕምቲ ክንወስደልኩም ንኽእል ኢና።

እንተ ሓሚምኩምን ናይ ሓኪም ሓገዝ እንተ ኣድልዩኩምን፡ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ናብ ሓኪምኩም ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም፣ ምሸት፡ ለይቲ፡ ቀዳመ ሰናብቲ፡ ወይ ናይ በዓል መዓልቲ እንተ ኾይኑ ድማ ብተሌፎን ቍጽሪ 116 117 ኣቢልኩም ናብ ህጹጽ ሕክምና ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም። ህጹጽ ሓገዝ እንተ ደሊኹም፡ ብተሌፎን ቍጽሪ 113 ደውሉ።

እዚ ኹሉ እንገብር ዘለና ንሕማም ኮቪድ-19 ምእንቲ ኽንቈጻጸሮን ናብ ንቡር ናብራ ህይወትና ምእንቲ ኽንምለስን እዩ። ብሓንሳእ ክንምክቶ ንኽእል ኢና!

ገለ ሕቶ እንተ ኣልዩኩም፡ ብቑጽሪ ተሌፎን 476 01 657 ደውሉ።

ምስ ሰላምታ፡
ቀንዲ ሓኪም ምምሕዳር ከተማ ዮቪክ